ግንባር ሃገራዊ ድሕነት ኤርትራ

جبهة الإنقاذ الوطني الإريترية

Eritrean National Salvation Front

# ሓድነታዊ ጉባኤ ኤርትራዊ ዲሞክራስያዊ ኪዳን ናይ ተዓዋትነት ቅድመ-ኩነት ስለዘማለአ'ዩ ተዓዊቱ፥

ኤርትራዊ ዴሞክራስያዊ ኪዳን ዓሚ ድሕሪ 2ይ ጥቕላላ ጉባኤ ምዝዛሙ፣ ኣቦመንበር ፈጻሚ ቤት ጽሕፈት ኣብ ምምራጽ ብዝተኸስተ ፍልልይ ኣብ ሰለስተ(ሸነኽ 3፣ ሸነኽ 7፣ ሸነኽ 1) ክንፍታት ተፈናጭሉ። ብስንኪ'ቲ ፖለቲካዊ መሪሕነታት ኤርትራ ብዝተኸተልናዮ ጉጉይ ኣፈታትሓ ካልኣዊ ፍልልያት፣ ካብ ነዊሕ ጊዜ እቲ ኣብ ውሽጢ ሕብረተ-ሰብን ፖለቲካዊ ውድባትን ኤርትራ ብታሕቲ ታሕቲ ለመም እናበለ ዝልሑኽ ዝነበረ ዓለታዊ፣ ሃይማኖታውን ኣውራጃውን ቅምታት ብዝተፈላለዩ ኣገባባት ኣብ ሰጥሒ ወጽኡ ቅሉዕ መልክዕ ክሒዝ ደሪኹዎ'ዩ። ከም ኣሉታዊ ውጽእቱ ካእ ኣብ ሃገራዊ ፖለቲካዊ ዕዮ ኤርትራ እንተ ዘይተሰማምዕካስ ግድን ተፈናጭልካ ሓጸልጸል ክትብል ከም ዘሎካ ዘምስል ጉጉይ ፖለቲካዊ ባህሊ ዘስርጽ ገዛኢ ኩውንነት ሰፊኑ ። እዚ ኻኣ ናይ ተቓውሞ ማሕበረ-ፖለቲኮ ንቕሓት ነዊሕ ርሕቐት ንድሕሪት ክመልስን መንፈስ ተቓውሞኡ ክጎትምን ጌሩ። ኣብ ህዝቢና ዘርኢ ድሑር ፖለቲካ(ዓለታውን ኣውራጃውን ሃይማኖታውን ቅርሕንቲ) ዝዝራኣሉ ምሽሙሽ ድኹዒ ዘቦኸዕ ምቹእ ዕደል ረኺቡ።

ከምኡ'ውን ፖለቲካዊ መሪሕነታት ውድባት ኤርትራ ኣንተተፈላልዮም ከም ሞያ ዝበላሐቱሉን ዝጣበቡሉን ምፍንጫልን ሕድ-ሕድ ምጥቅቓዕን'ምበር፣ ምስ ፍልልያት ተኸባቢርካ ናይ ምንባር ኣተሓሳስባን ባህልን ከም ዘየጥረዩ ዘርኢ ገምጋም ኣብ ኤርትራውያን ሙሁራትን ተዓዘብትን ኀልብቱ ክወጽእ ኮይኑ። ብሰሪ'ዚ ደምበ ተቓውሞ ሰፍ ዘይብል ፖለቲካዊ ክሳራታት ወሪድዎ። እዚ ክሳራታት ኣብ ሞንጎ ፖለቲካ ተቓውሞ ውድባት ንቕልውላው ሕድ-ሕድ ምትእምማን ኣጋዲጉ። ገድላዊ ሃገራዊ ዓቕሚታት ኣባኺኑ። መንፈስ ህዝባዊ ተቓውሞ ኣዳኺሙ። እምነት ኣዕሩኽ ሃገራት ኣጕድሉ።

ዲክታቶርያዊ ስርዓት ኢሳያስ፣ ነዚ ዘይሓድነታዊ ፖለቲኮ ውድባዊ ኩውንነትን ግዜያዊ ድኽመታትን ደምበ ተቃውሞ ብሓፊሻ፣ ምፍንጫል ኤርትራዊ ዴሞክራስያዊ ኪዳን ድማ ብፍላይ ብዘይ ንሕስያ መዝምዙዎ። ኣቲ ዝኸፈአ መልክዑ፣ ኣብ ህዝቢና ከም ካብ ኣመራርሓ ህግደፍ ወጻኢ ናይ ዝርከቡ መሪሕነታት ፖለትካዊ ውድባት ኤርትራ፣ መርኣያ ናይ'ቲ ካብ ነዊሕ እዋን ብታሪኽ ኣናተወራረሰ ዝመጸ ስሩጽ ስዕረት ምዃኑ ጌሩ ክትርጉሞ ፈቲኑ። ፖለቲካዊ ሓይልታት ተቃውሞ ኤርትራ ብስንኪ ዘይሓድነታዊ ኩውንነት መኣዝን ቀዳምነታትና ክስሕተና፣ ብዘይካ ነፍስና'ምበር ዝህዲደና ቀዳማይ ጸላኢ ከም ዘይብልና ከምሲናን፣ ካብ ህዝቢና ከነጽለናን ምእንቲ፣ እዚ ፖለቲካዊ ፍሽለት(ከም ኣበሃህላኡ) ብሰነሓሳባውን ባህላውን ሞራላውን ስዕረት ኣሰንዩ፣ ናብ ዝተማልአ ፍሽለት ክልውጦ ዝሕልን ተስፋ-ቀብጻዊ ስዑር ኣምር ዋቅዕ ንምፍጣር ዘይገልበጦ እምኒ የብሉን። እዚ ናይ ዲክታትርያዊ ሰርዓት ኢሳያስ ተንታን'ዚ ንዲክታቶርያዊ ህግደፋዊ ኣተሓሳስባ ናብ ትምክሕታዊ ጸረ ህዝቢ ባህሊ ዝልውጥን ዘስርጽን ከም ምዃኑ መጠን ኣብ ዝሰፈሐ ሓፋሽ ህዝቢና ተቐባልነት ኣይረኸበን። ብኣብጻሩ'ኳ ዳኣ እዚ ህልው ዘይሓድነታዊ ኩውንነት ደምበ ተቃሞ ኤርትራ ብመስሪሕ ማሕበረ ፖለቲካዊ ስኒት ናብ ኣወንታዊ ፖለቲካዊ ምጽውዋር ባህሊ ከም ዝስገር ብምርዳእ፣ ህዝብን ሃገርን ንምድሓን፣ ቅድም-ቀዳድም መሳርዕ ሓድነት ተቓውሞ ሓይልታት ኤርትራ ንምርጋግጽ፣ ኩሉ ነገራውን ሞራላውን ሃገራዊ ገድላዊ ዓሚታት ሕብረተሰብ ኤርትራ ጸረ ስርዓት ህግደፍ ንምስላፍ፣

ቅድሚ ምውዳቕ ስርዓት ህግደፍ ሃገራዊ ስኒት ንምውሓስ፣ ህዝቢና ውድበይ'ባ ውድብካ እንከይበለ ከም ስሙር ህዝቢ መጠን ኣብ ልዕሊ ተቓወምቲ ፖለቲካዊ ውድባቱ ኣወንታዊ ሓያል ጸቕጢ ንክገብር ተላዒሉ።

ኣብ ሃገርና ብዙሕነታዊ ፖለቲካ መንጸብራቕ ብዙሕነታዊ ረብሓታትን ፣ ናይ ንሱ ዝፍልፍሎ መግለጺ ብዙሕነታዊ ኣረኣእያን ከም ምዃኑ መጠን፣ ኣብ ሕብረተ-ሰብ ኤርትራ ይኹን ኣብ ሞንጎ ፖለቲካዊ ሓይልታት ኤርትራ ፖለቲካዊ ፍልልያት ንምውጋድ ሓይልን ሓላፍነትን ዘሎዎ ፖለቲካዊ መሪሕነት የሎን። ክህልው ከም ዘይግባእ ዝቕበል ሓድሽ ኣተሓሳስባ ክብርኽ ይጀምር ኣሎ።

ናይ ፖለቲካዊ ውድባት ሓላፍነትን ክውንኑዎ ዝግባኦም ፖለቲኮ-ወድባዊ ብቕዓትን ክእለትን፣ ንፖለቲካዊ ፍልልያት ናብ ተጻባኢ ፖለቲካ ዘይምልዋጥን፣ ዝተመጣጠነ ሓባራዊ ረብሓታት ብዘረጋግጽ መንገዲ ንምፍታሖ ኣብ ሕድ-ሕድ ሕድገታት ዝተሞርኮሰ ፍታሕ ምንዳይ'ዩ። ኣብ ሕድገታዊ ፍታሓት እንተዘይበጽሖም ድማ ፍልልያት ብዘኽብር ምስ ፍልልያት ብሰላማዊ ሓባረ-መንብሮ ናይ ምንባር ክእለት ምዕባይ'ውን'ዩ። እዚ ተረደኦ'ዚ መምስ ኣረኣያታትና ኣብ ሃገርና ኤርትራ ኩላህና ተኸባቢርና ብሰላም ምንብርን፣ ከከም ካብ ህዝቢና ብእንረኽቦ ደገፍን ተቐባልነትን ርይቶን ካልእ ርእይቶን ብምኽባር ብሰላም ምውዋሳእን፣ ሓራ ድልየትን ምርጫን ህዝቢ ኤርትራ ልዕሊ ክሉ ምኽባርን ምምእዛዝን ኣብ ዝጠልብ ባይታ ዝተሃነጸ'ዩ።

ኣብ ሃገርና ህላወ ብዝሒ-ፖለቲካዊ ክውንነት ሓቀኛን ጽዑቕን መግለጺ ብዙሕነታዊ ረብሓታትን ኣረኣእያኡን ስለ ዝኾነ፣ ነዚ ጭቡጥ ታሪኻዊ ኩውንነት'ዚ ሰናይ ኢልካ ብፍትወት ምቕባልን ምኽባርን'ዩ። ንእተኣላልያኡን ምሕደራኡን ድማ ብቐጻሊ ፖለቲካ ሕድገታት ምኽታል'ዩ። እዚ ሓደ ካብ ጉቡኣት ፖለቲካዊ መሪሕነታት ሃገራዊ ዕዮ ኤርትራ'ውን'ዩ። ብፖለቲካዊ ሕድገታት'ዩ ኣብ ሞንጎ ፖለቲካዊ ሓይልታት ንሳቶም ዝረደዱሉ ፖለቲካዊ ቻርተር ዝፍጠር። ፖለቲካዊ ቻርተር ኣኩብ-ድምር ሓባራዊ ሃገራዊ ረቛሒታት ምዃኑን፣ ብፖለቲካዊ ሕድገታት ዝእከብን ዝሕይልን ዘተኣማምን ጥጡሕ ባይታ ሃገራዊ ስኒት ዝፈጥርን'ዩ። ዋሕስነቱ ድማ ናይቶም ኩሎም ዝምልከቶም ወገናት ግብራዊ ተማእዛዝነት'ዩ።

እዚ ናይ ሃገራዊ ሓድነትን ማሕበረ-ፖለቲካዊ ስኒትን ባይታ ዘሕይል ተረዱኣታት'ዚ እናዓበየ ምምጻኡ፣ ኣብ ተቓላሳይ ህዝቢና፣ ብእኡ ኣቢሉ ካኣ ኣብ ሃገራዊ ፖለቲካ ሓይልታትና ምሕዳስ ፖለቲካዊ ንቕሓት ይዓቢ ምህላው ዘርእይ'ዩ። መኣዝን ጉዕዙ ኤርትራዊ ሃገራዊ ዕዮ ጥዑይ ፖለቲካዊ መስርሕ ይሒዝ ከም ዘሎ ዘርእይ'ዩ ድማ። ነዚ ሓድሽ ኣተሓሳስባ'ዚ ኣብ ዝተፈላለዩ ክፍልታት ህዝቢ ኤርትራን ፖለቲካዊ ሓይልታቱን ብምጉልባትን፣ ናብ ኤርትራዊ ፖለቲካዊ ባህሊ ብምልዋጥን ጥራሕ'ዩ፣ ነቲ ፖለቲካዊ መሪሕነታት ተቃውሞ ፖለቲካ ሓይልታት ኤርትራ ኣብ ምሕደራ ካልኣዊ ፍልልያት ከነርእዮ ዝጸናሕና ድኽመታትናን ሕጽረታትናን፣ ናብ ዝተማለአ ፖለቲካዊ ፍሽለት ንክቕይሮ ዝህቅን ሕልሚ ዲክታቶርያዊ ስርዓት ኢሳያስ ኣብ ጽኑዕ ባይታ ሃገራዊ ስኒት ዝሰባበሮ። ምእንቲ'ዚ'ዩ ህዝቢና ሓድነታዊ ቃልሲ ክድግፍ ጸንሑን ዘሎን። ጽኑዕ ባይታ ሃገራዊ ስኒትን ሃገራዊ ሓድነትን'ዩ ዝኾነ።

ካብዚ ሃገራዊ ሓላፍነትን ሃገራዊ ሓልዮትን ብምንቃል፣ ህዝቢ ኤርትራ ሃገራዊ ሓድነት ዝምርኮሰሉ ኣዕኑድ ሃገራዊ ስኒት ንምዕዛዝን፣ ሃገራዊ ሓባረ-ረቛሒታ ንምሕላብን ክብል'ዩ፣ ነቲ ናይ ዓሚ ምፍንጫል ኪዳን ዘሰዓቦ ጎዛዛዪ ድሑርን መርዛምን ፕሮፓጋንዳ ዘይተቐበሎ። ኣብ ክሊ ሓቛፊ ሃገራዊ ቀጽሪ ናይ ዝኾነ ሃገራዊ ፖለቲካዊ ርእይቶ ምኽባር፣ ዝኾነ ሃገራዊ ፖለቲካዊ ውድብ ርእይቶኡ ንክልኦት ብዘይዕግበቶም ኣሞንኮት ከግስሞም ክጽዕር ከም ዘይግባእ፣ ዝኾነ ሃገራዊ ፖለቲካዊ ውድብ ርእይቶኡ መታን ብክልኦት ክኽበረሉ ብቐዳምነት ንሱ ብዘይ ዝኾነ ቅድመ-ኩነት ናይ ካልኦት ፖለቲካዊ ርእይቶ ክኽብር፣ ኣብ ውሽጡ ይኹን ምስ ካልኦትን ፖለቲካዊ ፍልልይ ክጻወርን፣ ምስ ኣፈላላይ ተኸባቢርካ ምንባር ክኽእልን፣ ድልየት ህዝቢና ምዃኑ ብግብሪ ተጋህዱ።

ነዚ ካብ ዓረ ዝጽንዕ ሃገራዊ መርገጺ ህዝቢና ሰንጥቑ ኣብ ክልተ ጨዲዱዎ ከሓልፍ ዝኽእል ፖለቲካዊ ውድብ ኣይተረኣየን። ህዝቢ ኤርትራ ኣብ ሃገሩ ሰብኣዊ መሰላት፣ ሰላምን ደሞክራስን ንምኽባር ዝቃለሱ ተቓለስቲ ደቁ ፖለቲካዊ ሓይልታት ጥራሕ ስለ ዘይኮኑ፣ እንተላይ ኣብ ናይ ፖለቲካዊ ሓይልታት ፖለቲካዊ ስልጣን ዘይምናጩቱ ዘይሻራውያን ዝተፈላለዩ ኤርትራዊ በርጌሳዊ ሕብረተ-ሰብኣዊ ማሕበራትን

ማእከላትን ፈለግ ሰብኣዊ መሰላትን ዴሞክራስን ሰላምን ዝኾኑ ተቓለስቲ እሙናት ደቂ'ውን ነቲ ናይ ዓሚ ሓደገኛ ምፍንጫል ኣይደገፋዎን። ከምኡ'ውን ህዝቢና ዓርኪ ኣልቦ ብጽምዋ ዝተባሕተ ኣብ በዓቲ ነፍሱ ዝዓጸወ ስለ ዘይኮነ፣ ኣዕሩኽ ሃገራት ነቲ ናይ ዓሚ ሓደገኛ ምፍንጫል ኣይደገፉዎን። ብዛዕባኡ ኣብ መሪሕነታት ፖለቲካዊ ውድባት ዝተሰምየም ቅረታዊ ትዕብትኦም ሻቡ ኣቕሪቦም። ከምቲ ናይ መላእ ህዝቢና ኣብ ሃገራዊ ስኒት ዝተሞርኮሰ ስሙር ሃገራዊ መርገጺ ረግጽዎ ዝኽይድ ውድብ ዘይተረኣየ፣ ነቲ ናይ ኤርትራዊ በርጌሳዊ ሕብረተሰብዊ ማሕበራትን ማእከላትን፣ ኣዕሩኽ ሃገራትን፣ ሃናጺ ነቐፈታዊ ርእይቶታት ስግሩዎ ክኩብዕ ዝኽእል ፖለቲካዊ ውድብ ኣይተረኣየን። ስለ'ዚ እቲ ናይ ዓሚ ምፍንጫል ኪዳን፣ ኣብ ቅድሚ ዕብየት ፖለቲካዊ መስርሕ ደምበ ተቓውሞ ኤርትራ ቀንዲ ሓላኺ ፖለቲካ ኮይኑ ጸንሑ። ኣብ ክሊ ጽብብ ዝበለ ውድባዊ ዓንኬሉ ዝንቀሳቐስ እንተዘይኮኑ፣ ነዚ ምሕለኻ'ዚ በንጥሱ ንቕድሚት በ'ድማዕነት ዝሰድር ፖለቲካዊ ውድብ ወይ ሰልፊ ኣይተረኣየን። ካብ ናይ ዓሚ ምፍንጫል ተጠቒሙ ዓንተሩ ዝወጸ ፖለቲካዊ ውድብ ወይ ሰልፊ ኣይተረኽበን።

ነዚ ጭቡጥ ተሃዋስን ጽንኩርን ኩነታት'ዚ ሸንኻት ፍንጩል ኪዳን ካብ ጽባሕ ተረኽቦ ምፍንጫል፣ ሳዕቤናቱ ኣብ መኣስር ሃገራዊ ሓድነትን ሓባረ ገድላዊ ረቛሒታትን ከስዕቦ ዝኽእል ፖለቲካዊ ሓደጋታት ኣንግሆም ርእዮምዎ። ኣብ ክሊ ሃገራዊ ቀጽሪ ምስ ካልኦት ሃገራዊ ፖለቲካዊ ሓይልታት ዝህልወካ ካልኣዊ ፍልልያት፣ በቲ ካብ ነዊሕ ጊዜ ኣብ ፖለቲካ ኤርትራ እተወራረሰ ዝተለምደ፣ ንፍታሕ ፖለቲካዊ ሕድገታት ዘይቕበል፣ ናይ ሓደ ወገን ወይ ናይ ገለ ወገናት ጸቢብ ረብሓታት ብዘማልእ ኣገባብ ምፍታሑ፣ እንተዘይኮነ ግን ጠንጢንካዮ ዝመጸ-ይምጻእ ኢልካ ብሓዊ ፕሮፓጋንዳ ምስዋሩ፣ ንኹላቶምም ኣሳወርትን ተሳወርትን ለኻኺሙ ህላዌኦም ዝህዲድ ሓደጋ ከም ዝኾነ ኣብ ወሳኒ ፖለቲኮ-ዕግበት በጽሑም። እቲ ምፍንጫልን ማሕበረ-ባህላዊ ስኒት ዝሃርም መርዛም ጎዛዛዪ ፕሮፓጋንዳኡን ንቃልሲ ተቓውሞ ሓይልታት ኤርትራ ነዊሕ ርሕቐት ናብ ድሕሪት ጎቲቱ ከም ዘዳኸሞን፣ ንሓይሊ ሚዛ ተቓውሞ ድማ ከም ዝፍኮሶን ተረድኦምዎ። ምፍንጫልን ንዕኡ ዘሰነይዎ ሕድ-ሕድ ምክሳስን ፕሮፓጋንዳዊ ምጥቅቓእዕን ብዋጋ ዕድመ ቃልሲ ሃገራዊ ተቓውሞ ሓይልታት ዝተኸፍለ ኣኽሳሪ ፖለቲካዊ ስርሕት ምዃኑ ዝያዳ ዓጊቦም። ኣብ ሞንጎ ዲክታቶርያዊ ስርዓት ህግደፍን ደምበ ተቓውሞን ዘሎ ሚዛን ሓይሊ ናብ ረብሓ ተቓውሞ ሓይልታት ከዛዝው እንተኾይኑ፣ ሓድነት መሳርዕ ሓይልታት ተቓውሞ ምርግጋጽ ዘይስገር እዋናዊ ቀዳምነታት ምዃኑ ተቐብሎምዎ።

ብዚ መሰረት ነቲ ምስ ምፍንጫል ኪዳን ዝተቀልቐለ ንሃገራዊ ሓድነትን ማሕበራዊ ስኒትን ናብ ሓደጋ ናይ ዘሳጥሕ ፕሮፓጋንዳ ብልሕኡ ንምዅታም፣ ኩሎም ሸነኻት ኪዳን ብገዛእ ተበግሶኦም በብመንገዶም ንፕሮፓጋንዳ ሓድ-ሕድ ምጥቅቃዕ ደው ከም ዝብል ጌሮምዎ። ነፍስ-ወከፍ ሸነኽ ኪዳንን ውድባት ኣባላቱን፣ ኣብ ሞንጎ ሸነኻት ኪዳን ብሓደ ሸነኽ፣ ኣብ ሞንጎ ውድባት ድማ በቲ ካልእ ሸነኽ፣ ንተጥቢዕ ዝምድናታት(ኖርሞላዘሽን ዝምድና) ምቹእ ዕድል ምፍጣር መሪጾም። ከምእ'ውን ፖለቲካዊ መሪሕነታት ፖለቲካ ሓይልታት ኤርትራ ናይ ህዝቢና፣ መራሕቲ ሃይማኖት፣ ዝተፈላለዩ በርጌሳዊ ሕብረተሰብኣዊ ማሕበራትን ማእከላትን፣ ዞናዊ ኣዕሩኽ ሃገራትን፣ ነቲ ኣብ ሞንጎ ሸነኻት ኪዳን ባብ ዘተ ንምኽፋት ክግበር ዝጸነሐ ምስትን ጻዕሪታት በኣወንታዊ ዓይኒ ክርእይዎን ክቕበልዎን ኮይኖም። ፖለቲካዊ ሓይልታት ኤርትራ ካብቲ ገድላዊ ዓቕሚታት ህዝቢና ዘዳኸምን ዘባኸነን፣ ዞናውን ኣህጉራውን ኣዕሩኽ ዘስእነን ምፍንጫል ዝረኸቦኦ ጠቓሚ ትምህርትን፣ ነቲ ናይ ዝተፈላለዩ ክፍልታት ህዝቢናን ዞናዊን ድልየት ዘተ ኣብ ሞንጎ ፖለቲካዊ ውድባት ኤርትራ ምህላው፣ ከም ንሓድነት መሳርዕ ደምበ ተቓውሞ ዘቀላጥፉ ኣወንታዊ ሓያል ባእታ ጸቕጢ ብምውሳድ፣ ኣብ መድረኽ ፖለቲካ ተቓውሞ ኤርትራ ንፖለቲካዊ ዘተ ዘገልግል ኣወንታዊ ሃዋሁ ተቀልቒሉ። ስለዝኾነ ኣብ ሞንጎ ሸነኻት ኪዳንን ኣብ ሞንጎ ፖለቲካዊ ውድባትን ወግዓውን ዘይውግዓውን ባብ መስኖ ርኽኽባት ምርሓው ድልየት ኩሉ ኔሩ።

ኣብ ሞንጎ ተቓወምቲ ፖለቲክ ሓይልታት ኤርትራ ዝተፈላለዩ ሓሳባት ዝቐርበሉ ፍቱሕ ሃናጺ ዘተ ምጅማር ዝዓበየ ኣገዳስነትን ተደላይነትን ኔሩዎ። ናይዚ ዘተ ቅድመ-ኩነት ዲሞክራስያውን ልባውን ሰናይ ድልየትን ርእይቶ ካልእ ምኽባርን'ዩ። ዕላማኡ ካኣ መቀራርቢ ነጥቢታትን ንተቓውሞ ሓይልታት ኣብ ዝተሓተ ፕሮግራም ዘሰልፍ ስምምዕ ተኽእሎታትን ምድህሳስ'ዩ። ኣገባቡ ድማ ናብኡ ንምብጻሕ ኩሉ ዝሳተፈሉ ሓደስቲ ንድፈታት ምቕራብ'ዩ። ኣፈጻጽማኡ'ውን ከክም ኣብ ሞንጎኣቶም ንዝውህለሉ ሓባራዊ ርእይቶታት ንምዕቃብ ኣሊያታት(መሳረሒ) ምቋም።

## ዘተታት ኣብ ሞንጎ ክልትኡ ሸንኻት ኪዳን፥

ኣብ ከምዚ ዝኣመሰለ ናይ ዘተ ሃዋሁ፣ ካብ 22-23 ጥቅምቲ 2007 ቀዳማይ መሪሕነታዊ ርክብ ክልተ ሸንኻት(3+7) ኪዳን ተኻይዱ። ኣብ ዝስዕብ ስምምዕ በጺሖም፥

1. ነፍስ-ወከፍ ሸነኽ ሽማግለ ዘተ ምቛም።
2. ኣብ ቻርተርን ቅዋምን ሓድሽ ርእይቶ ዝህልዎ ሸነኽ ኣብ ሽማግለ ዘተ የቕርብ።
3. ኣብ ሞንጎ ሽማግለታት ዘተ ኣብ ዝኾነ ጉዳይ ፍልልይ ምስ ዝኽሰት፣ ንምእላዩ ላዕለዎት መሪሕነታት ክልትኡ ሸናኻት ኣድላዪ ዕቱብ ጻዕሪታ ምግባር።

ነዚ መሪሕነታዊ ስምምዕ መሰረት ብምግባር ናይ ክልትኡ ሸንኻት ኪዳን ሽማግለታት ዘተ 12-13፣ 21-23፣ 25-26 ሕዳር 2007 ተኸታተልቲ ኣኼባታት ኣካይደን። ብዛዕባ ውጽኢታት ዘተ ነናብ መሪሕነተን ሓባራዊ ጸብጻባተን ኣቕርበን። ነፍስ-ወከፍ መሪሕነት ሸነኽ ኪዳን ንሓባራዊ ጸብጻብ ሽማግለታት ዘተ ብዑምቖት ገምጊሙ። ዕድላት ዘተ ከም ዘሎ ርእዩም። በዚ መሰረት ነቲ ናይ ሽማግለታት ዘተ ምርድዳኣት ንምዕቃብን ነጥብ-ፍልልያት ንምእላይን፣ ብዝለዓለ መሪሕነታዊ ደረጃ ዘተ ምቕጻል ኣድላይነት ከም ዘሎዎ ርእዮም። ነዚ ምርኩስ ብምግባር ኣብ 4፣11 ታሕሳስ 2007 ካልኣይ መሪሕነታዊ ርክብ ክልትኡ ሸንኻት ተኻይዱ። ኣብ ዝስዕብ ስምምዕ በጺሖም፥

1. ውድባት ኣባላት ኪዳንን ካብኡ ወጻኢ ዚጸነሑ ፖለቲካዊ ውድባትን ዝሓቝፍ ጉባኤ ተቓወምቲ ውድባትን ሰልፍታትን ምክያድ።
2. ጊዜን ቦታን ጉባኤ ንምውሳን፣ ኣብ ኪዳን ካብ ዘይነበሩ ፖለቲካ ውድባት ኣብ ጉባኤ ብኣባልነትን ብተዓዛብነትን ዝሳተፉን፣ ካብ ኤርትራዊ በርጌሳዊ ማሕበረ-ሰብ ማሕበራት ብተዓዛብነት ዝሳተፉን ንምንጻርን፣ ናይ ኣቦመንበራትን ኣቦመንበራት ዚወከሉዎምን መሪሕነታዊ ኣኼባ 11 ውድባት(ሸንኻት 3+7+1) ዕለት 15 ጥሪ 2008 ምግባር።

### 11 ኣቦመነራትን ኣቦመንበራት ዚወከሉዎምን መሪሕነታዊ ኣኼባታት፥

ኣብ ሞንጎ ክልትኡ ሸንኻት ኪዳን ኣብ ወርሓት ጥቅምትን ሕዳርን ታሕሳስን 2007 ብክካየድ ዝጸነሐ ሃናጺ ተኸታታሊ ዘተታት ናብ ዝሰፈሐን ዝለዓለን ዘተ ንምቕጻል ጥጡሕ ባይታ ክፍጠር ኮይኑ። ብመሰረት ውሳኔ ካልኣይ መሪሕነታዊ ርክብ ክልትኡ ሸንኻት፣ ካብ 15-19 ጥሪ 2008 ኣቦመንበራትን ኣቦመንበራት ዚወከሉዎምን ቀዳማይ መሪሕነታዊ ኣኼባ 11 ፖለቲካዊ ውድባትን ሰልፍታትን ተኻይዱ። እዚ ኣኼባ'ዚ ኣብ ዝስዕብ ስምምዕ በጺሑ፥

1. ጉባኤ ተቓወምቲ ውድባትን ሰልፍታትን ኤርትራ ዕለት 30 መጋቢት 2008 ኣብ ኣዲስ ኣበባ ምክያድ።
2. ኤርትራዊ ህዝባዊ ምንቅስቓን እስላማዊ ጉባኤ ኤርትራን ኣባላት ጉባኤ ክኾኑን ኣብ ምድላው ጉባኤ ክሳተፉን ምቕባል።
3. ካብ 13 ፖለቲካዊ ውድባትን ሰልፍታትን ኣሰናዳኢት ሽማግለ ጉባኤ ምቛም።
4. ካብ ኤርትራዊ በርጌሳዊ ማሕበረሰብ ማሕበራት 10 ማሕበራት ብተዕዛብነት ምስታፍ።
5. ኣርባዕተ ፖለቲካዊ ውድባት ብተዓዛብነት ምስታፍ።
6. ሓድነት መሳርዕ ተቃውሞ ንምርግጋጽ ውድባት ኣብ ምቅርራብ ምስጉን ጻዕሪታት ከካይዱ ካብ ዚጸነሑ መራሕቲ ሃይማኖታት እስላምን ክርስቲያንን(ሸኽ ማሕሙድን ኣባ ሃብተማርያም ዘርኤ ዮውሓንስ) ንተበግሶኦም ክብሪ ብምሃብ ብተዓዛብነት ምስታፍ።
7. ከም መርኣያ ሃገራዊ ባእታ ንሓርበኛ ኣቦ፣ ተጋዳላይ ኣሕመድ ሶይራ ብተዓዛብነት ምስታፍ።
8. ንኣሰናዳኢት ሽማግለ ትከታተልን፣ ንጉባኤ ኣብ ዘድልዩ ጉዳያት ኣብ ሞንጎ 13 ፖለቲካዊ ውድባትን ሰልፍታትን ምውህሃድ ተካይድን፣ ክሳብ ጉባኤ ትጸንሕ 3 ዝኣባላታ ኣወሃሃዲት ሽማግለ ምቛም።

እዚ ስምምዕ'ዚ ኣብ መላእ ህዝቢናን፣ በርጌሳዊ ማሕበረ-ሰብን፣ መሰረታት ፖለቲካዊ ውድባትን ሰልፍታትን፣ ኣዕሩኽ ሃገራትን፣ ሰፊሕ ደገፍን ተቐባልነትን ረኺቡ። እዚ ስምምዕ'ዚ ንገዛእ ርእሱ ሞራል ቃልሲ ኣብ ምሕዳስን ምርስሳንን ደራኺ ረቛሒ ኮይኑ። ናይ ጉባኤ ተዓውትነት ትስፉይ ኣንፈት ሂቡ ድማ።

## ኣሰናዳኢት ሽማግለ ጉባኤ ተቓወምቲ ውድባትን ሰልፊታትን፥

ኣብ ላዕሊ ንዝተገልጸ ስምምዕ ብምምእዛዝ፣ 13 ፖለቲካዊ ውድባትን ሰልፍታትን ትውክል ብ13 ኣባልት ዝቖመት ኣሰናዳኢት ሽማግለ ቆይማ። ጽፉፍ ምድላው ተዓዋትነት ጉባኤ ኣብ ምውሓስ ወሳኒ ግደ ከም ዘሎዎ ብምርዳእ፣ ኣሰናዳኢት ሽማግለ ካብ 18 ለካቲ ክሳብ ወጋሕታ 5 ግንቦት 2008 ብዘይዕረፍቲ ተኸታታትሊ ኣኼባታት ኣካይዳ። ኣሰራርሓኣ ዝሰርዕ መምሪሒታት ሓንጺጻ። ካብ ሞንጎኣ 5 ዝኣባላታ ሰክሪታርያን ተቆጻጻሪን መሪጻ። ካብ ውድባትን ሰልፍታትን ንዝተቐበለቶ ንድፊታት ፖለቲካዊ ቻርተርን ቅዋምን፣ ዝቀራርብን ዝፈላለይን ነጥቢታት ኣንጽራ ብክልትኡ ቛንቛታት ዓረበኛን ትግርኛን ብምስራዕ ኣብ ውሽጣ ከም ናይ ምይይጥ ሰነድ ኣቕሪባቶ። ኣብ ናይ ውድባት ቻርተርን ቅዋምን ንድፍታት ካብ ዝነበሩ ፍልልያዊ ጉዳያት ንብዙሓት ፍልልያት ከተጻቢብ ክእላ።

ኣብ ሱታፌ በርጌሳዊ ማሕበረ-ሰብ ማሕበራትን ንድፊታት ቻርተርን ቅዋምን ክካየድ ዝጸነሐ ምይይጣት ኣሰናዳኢት ሽማግለ ውዱእ መልክዕ ኣብ ዘይሓዘሉ ህሞት፣ ሱታፌ በርጌሳዊ ማሕበረ-ሰብ ማሕበራት ካብ 10 ማሕበራት ክብ ንምባል፣ ጽፈት ምድላው ንምቕጻል፣ ተዓዋትነት ጉባኤ ንምውሓስ ብደረጃ ኣሰናዳኢት ሽማግለ ክጻበብ ዘይተኻእለ ፍልልያት ንምጽባብ ቅድሚ ጉባኤ ኣኼባ ኣቦመንበራት 13 ውድባትን ሰልፍታትን ንምክያድ፣ ኣሰናዳኢት ሽማግለ ጉባኤ ናብ ኣውሃህዲት ሽማግለ፣ ጊዜ ጉባኤ ንምምሕልላፍ ለበዋ ኣቕሪባ።

ኣባላት ኣሰናዳኢት ሽማግለ ካብ መሪሕነታቶም ኣብ ሞንጎ ብዝለዓለ ደረጃ ከመዝግቡዎ ዝድልዩዎ ነጥብታትን ብዝተሓተ ደርጃ ከም ሕድገታት ዝቕበሉዎ ነጥብታትን ዘሎ ርሕቀት ንምትዕጽጻፍ ሓላፍነት ተዋህቡዎም ስለዝነበረ፣ ኣብ ኣኼባታት ኣሰናዳኢት ሽማግለ ሕድገታት ገዛኢ ተርእዮ ኮይኑ። ኣብ ኣሰናዳኢት ሽማግለ ብተደጋጋሚ ኣብ ኣረኣእያታቱ ፖለቲካዊ ሕድገታት ዘይገበረ ውድብ ወይ ሰልፊ ኣይበነረን። ኣሰናዳኢት ሽማግለ ብደረጃኣ ውዱእ መልክዕ ዝሓዙ ክልተ መሰረታዊ ሰነዳት(ፖለቲካዊ ቻርተርን ቅዋምን) ነጥበ- ስምምዓትን ፍልልያዊ ጉዳትን ዘጠቓለሉ ብዕለት 14 ሚያዝያ 2008 ናብ መሪሕነታት ውድባትን ሰልፊታትን ኣባላት ጉባኤ ልኢኻቶም።

## ኣወሃሃዲት ሽማግለ፥

ኣወሃሃዲት ሽማግለ ከም ኣሳላጥት ኣካል መጠን፣ ካብኣ ኣሰናዳኢት ሽማግለ ዝጠለበቶ ዓቕማ ብዝፈቐዶ ከተማልእ ጸንሓ። ካብ ዓቕማ ንላዕሊ ንዝኸውን ነገር ድማ ምስ ውድባትን ሰልፍታትን ወይ ምስ ኣዕሩኽ ሃገራትን ሃናጺ ምምኽኻር ክትግብር ጸኒሓ።

## መሪሕነታዊ ርክብ 13 ፖለቲካዊ ውድባትን ሰልፍታትን፥

ብደረጃ ኣሰናዳኢት ሽማግለ መዕለቢ ክግበረሎም ዘይተኻእሉ ጉዳያት ክህሉ እንከሎ፣ ኣሰናዳኢት ሽማግለ ናብ ኣወሃሃዲት ሽማግለ'ያ ጸብጻባ ብቕልጡፍ ከተመሓላልፍ ዝጸነሐት። ኣወሃሃዲት ሽማግለ ድማ እቲ ካብ ኣሰናዳኢት ሽማግለ ዝተመሓላልፈላ ጉዳያት ተክኒካዊ ነገራት ምስ ዝኸውን ምስ ዝምልከቶም ወገናት ብምምኽኻር በዓላ ከተሳልጦ ዘይሕለል ጻዕሪታት ተካይድ ጸኒሓ። ፖለቲካዊ ጉዳያት ምስ ዝኸውን ግን፣ ምስ ኣቦመንበራትን ኣቦመንበራት ዚወከሉዎምን ኣድላዪ ምምኽኻር ተካይድ ጸኒሓ። በዚ መሰረት ኣወሃሃዲት ሽማግለ ንኣቦመንበራትን ወከልቲ ኣቦመንበራትን ጸዊዓ። ካብ 24-25 መጋቢት 2008 ቀዳማይ መሪሕነታዊ ርክብ 13 ውድባትን ሰልፍታትን ተኻይዱ። እዚ ኣኼባ'ዚ ቀዳማይ ለበዋ ኣሰናዳኢት ሽማግለ ኣብ ግምት ብምእታው ኣብ ዝስዕቡ ተሰምምዑ፥

1. ጉባኤ ናብ 5 ግንቦት 2008 ምምሕልላፍ።

2. ኣብ ኣወ'ኻኽላ በርጌሳዊ ሕብረተ ሰብኣዊ ማሕበራት ዳግመ-ርእይቶ ብምግባ፣ር ኣብ ኪንዲ 10 ማሕበራት ናብ16 በርጌሳዊ ማሕበራትን ማእከላትን ክብ ምባል። ኩሎም በብሓደ ወክል ምስታፍ ንዝብል ዝነበረ፣ ካብ ኣመሪካ(EGS) 5 ወክላት፣ ካብ ኤሮጳ(NECS) 4 ወክላት፣ ካብ ኣውስትራልያ 3 ወክላት ክሳተፉ ምግባር።
3. ንካልኦት ኣብ ኤሮጳ፣ ሰዑዲያ፣ ደቡብ ኣፍሪቃ፣ሱዳንን ኢትዮጵያን ዝርከቡ በርጌሳዊ ማሕበራትን ማእከላትን፣ ኣብ ሰብኣዊ መሰላት ምጥባቕ ዝሳተፉ ዉሪያት ውልቀ-ሰባትን፣ በብሓደ ክሳተፉ ምግባር።

ከምኡ'ውን ኣሰናዳኢት ሽማግለ ብወገና ከም ውዱእ መልክዕ ናብ መሪሕነታት ውድባትን ሰልፍታትን ዝለኣኸቶ ብርክት ዝበሉ ፍልልያዊ ጉዳያት ዝነበሩዎም ንድፌታት ቻርተርን ቅዋምን፣ ብደረጃ ፖለቲካዊ መሪሕነታት ንክረአ፣ ኣወሃሃዲ ሽማግለ መሪሕነታዊ ርክብ 13 ወድባትን ሰልፍታትን ጸዊዓ። በዚ መሰረት ካብ 28- ሚያዝያ-3 ግንቦት 2008 ካልኣይ መሪሕነታዊ ርክብ 13 ወድባትን ሰልፍታትን ተኻይዱ። እዚ ኣኼባ'ዚ ካልኣይ ለቦዋ ኣሰናዳኢት ሽማግለ ኣብ ጸብጻብ ብምእታው፣ ተዓዋትነት ጉባኤ ዉሑስ ዝገብሩ ኣገዳስቲ ስምምዓት በጺሑ። ንሱ ድማ ከም ዝስዕብ'ዩ፥

1. መስመዪ ጉብኤ፣ ሓድነታዊ ጉባኤ ኤርትራዊ ዲሞክራስያዊ ኪዳን ክባሃል።
2. ኣብ'ቶም ብርክት ዝበሉ ፍልልያዊ ጉዳያት ብስኒትን ርድየትን ስምምዓዊ ፍታሕ ምብጻሕ።
3. ባህላዊ ሃይማኖት ህዝቢ ኩናማ ዝውክል ሓደ መራሒ ባህላዊ ሃይማኖት ብተዓዛብነት ዝሳተፍ ምውሳኽ።

ብኸምዚ ዝተገልጸ፣ መቀራረቢ ርእይቶታት ንምእካብን ከም ናይ ሓባር ረቛሒታት ንምቅራጽን ብኣሰናዳኢት ሽማግል፣ ኣወሃሃዲት ሽማግለን ኣቦመንበራትን ቐጻሊ ጻዕሪታት ሳላ ዝተኻየደ፣ ዳርጋ ሙሉእ ስኒታዊ ስምምዕ ብዝተበጸሓሎም ክልተ መሰረታዊ ሰነዳት፣ ኣብ ሓድነታዊ ጉባኤ ኤርትራዊ ዴሞክራስያዊ ኪዳን ምእታው ተበጺሑ።

<u>ግደ በርጌሳዊ ማሕበረ-ሰብኣዊ ማሕበራትን ማእከላትን መራሕቲ ሃይማኖትን፥</u>

እዞም ኣገደስቲ ሕብረተ-ሰብኣዊ ክፍልታት'ዚኣቶም ኣብ ሓድነታዊ ጉባኤ ኤርትራዊ ዴሞክራስያዊ ኪዳን ብዝተዓዛብነት ምስታፍ ኣብ ተሞኵሮ ሃገራዊ ዕዮ ኤርትራ ብሓፈሻ፣ ኣውራ ድማ ኣብ ተሞኵሮ ዕዮ ተቓውሞ ሓይልታት ኤርትራ ኣወንታዊ ዘይምሖ ኣሰር ኣንብሩ። ናብ ዝኾነ ወገን ብዘይምሽራው ኣብ ጉዳያት ቻርተር ሓራ ርይቶታቶም ብብሩህ ኣቀራርባ ብምቕራብ፣ ገለ ካብቲ ሃናጺ ርእይቶታቶም ኣብ ፖለቲካዊ ቻርተር ኣትዮም'ዮም። ጉባኤ በተሓሳሰባን ተሞኵሮም ክህብትም ሓጋዚ ግደ ተጻዊቶም'ዮም። ኣብ ቅዋም ድማ ስኒታዊ ምርድዳእ ኣብ ምስፋንን፣ ፖለቲካዊ መሪሕነታት ውድባትን ሰልፍታትን ኤርትራ መሪሕነት ኪዳን ብስኒታዊ ኣገባብ ንምምርጽን ዘይዕጸፍ ሓያል ደራኺ ግደ ኣበርክቶም።

ሓድነታዊ ጉባኤ ኤርትራዊ ዲሞክራስያዊ ኪዳን ኣብ መሳርዕ ሓድነት ደምበ ተቓውሞ ኤርትራ ንምርግጋጽ ቅድሚ ኩሉን ልዕሊ ኩሉን ድልየት ህዝቢና ንምምላእን፣ ኣወንታዊ ተጽዕኖኡ ንምኻባርን፣ ናይ ፖለቲካዊ ውድባትን ሰልፍታትን ኤርትራን ኤርትራዊ በርጌሳዊ ሕብረተ-ሰብኣዊ ማሕበራትን ማእከላትን ስሙር ሃናጺ ጻዕሪታትን፣ ናይ ኣዕሩኽ ሃገራት ኣወንታዊ ምትብባዕን፣ ስለ ዝተሓወሶ'ዩ ክዕወት ዝኸኣለ። እዚ ዓወት'ዚ ብወሳኒ መልክዑ ናይ ህዝቢና ድልየት ስለ ዘንጸባረቐ' ድማ'ዩ ኣብ ነፍሲ ወከፍ ደላይ ዴሞክራስን ሰላምን ኤርትራዊ ቤት መልኸቲ ተስፋ ኣብጽሑ ዝርከብ። ስለ'ዚ ሓድነታዊ ጉባኤ ኤርትራዊ ዴሞክራስያዊ ኪዳን ናይ ተዓዋትነት መሰረታዊ ውድመ-ኩነታት ስለ ዘማለአ'ዩ ተዓዊቱ።

ቤት ጽሕፈት ዜናን ባህልን ግሃዳኤ
18 ሰነ 2008